# ምቅንጃው ገድሊ

*ብዮሴፍ ገብርሂወት*

## ክንዲ ዝተኸፍለ ዋጋ ይከፈል ብዘየገድስ፥ ናይ ገዛእ-ርእስኻ መንነት ጥራይ ምዕቃብ

## ካልኣይ ምዕራፍ

## *መእተዊ*

ዳርጋ ኩሎም ሰውራታት፥ ንገዛእ-ርእሶም ካብቲ ዝኸዕውዎ ደም ንጹሓት ሓራ ንምግባር ዝጥቀምሉ ሓደ እኩይ ዝኾነ መመኽነይታ ኣለዎም። ንሱ ኸኣ "ሰውራ ደቃ እትበልዕ ኢያ" ዝብል ኢዩ። እዚ ሓረግ'ዚ ኣሂ ወይ ጣዕሳ ንምንጽብራቕ ተባሂሉ ዝዝረብ ዘይኮነስ፥ እንታይ ደኣ ሰውራ ዘስዓበቶ ደማዊ ክሳራታት ምኽኑይ ንምግባር ተባሂሉ እዩ። እዚ ዝዓይነቱ ሰውራዊ ምቅንጃው፥ ኣብቲ ኣዝዩ ዝኸፍአ መድረኹ ምስበጽሐ ኸኣ፥ እቶም ግዳያት ከማን ከይተረፉ፥ ነዚ ዝንቡዕ መመኽነይታ ብውዕዉዕ ስሚዒት ከም ቅኑዕ ይቕበልዎ'ሞ፥ ምስቶም ዘህልቕዎም ውልቀ-ሰባት ድማ ጸኒዖምን ብትግሃትን ይተሓባበሩ።

ሓደ ቕንጻላ ድሕሪ እቲ ሓደ ኣብ ዝፍጸመሉ እዋን፥ ማእለያ ዘይብሎም ንጹሓት ዜጋታት'ውን ምስ ጸነቱ፥ እቲ እንኮ ንሞት ናይዞም ብዙሓት ዜጋታት ምኽኑይ ንምግባር ዝቐርብ ሓሳባት፥ *"ቀጻልነት ሰውራ ንኸረጋግጽ ኢዩ"* ዝብል እዩ። ብመሰረት እዚ ዝንቡዕ ስነ-መጎት፥ ቀጻልነት ሰውራ ምእንቲ ክረጋገጽሲ፥ ሰውራ ደቃ ካብ ምብላዕ ሓሊፋ ካልእ ክትገብሮ እትኽእል ኣማራጺ የልቦን ንምባል እዩ። ኣብቲ ፈለማ፥ ሰውራ ዝቖመትሉ ቅዱስ ዕላማ እውን ከም ተወሳኺ መመኽነይታ ይቐርብ እዩ። ኣብ መስርሕ ጉዕዞ ናይ'ቲ ቃልሲ ግን፥ ሰውራ ሓደ መሰረታውን ፍሉይን ዝኾነ ናይ ባህሪ ለውጢ ተማዕብል'ሞ፥ ንሓደ ቁዱስ ዕላማ ንምጭባጥ ተባሂሉ ዝፍጸም መስርሕ ዘይኮነስ፥ ንስለ ገዛእ-ርእሳ ኢላ ዝቖመትን ርእሳ ዝኸኣለ መንነት ዘለዋን ኣካል ንምዄን ትበቕዕ። ካብ ህላወኣ ዝዓቢ ቅዱስ ዕላማ ንኸተገልግል ተበጊሳ ክነሳ፥ ነዚ ዝለዓለ ዕላማ'ዚ ናይ ምግልጋል ተምሳላ ምሉእ ብምሉእ ተዋድቕ። ህላወኣ ምርግጋጽ ኸኣ እቲ ዝለዓለን ናይ መወዳእታን ዕላማ ናይ ቃልሲ ይኸውን።

ሓንሳብ ሰውራ ኣብ ክልተ ዝተፈላለዩ ኣካላት ምስ ተኸፍለት፥ ማለት ንገዛእ-ርእሳ ካብቲ ንኸተገልግሎ ኢላ ዝተበገሰትሉ ቅዱስ ዕላማ ፈልያ ክትርእዮ ምስ ጀመረት፥ ናይ ባዕላ ፍሉይ መንነት'ውን ምስ ኣማዕበለት፥ እቲ እንኮ ንህላዌኣ ምኽኑይ ዝገብሮ ዕላማ እምበኣር *"ምዕቃብ ናይ ገዛእ-ርእሳ መንነት"* ጥራይ እዩ። ብድሕሪ'ዚ፥ ማእለያ ዘይብሉ ደም ደቃ እንተ ፈሰሰ'ውን፥ ንጽምኣ ከርውዮ ዝኽእል ኣይኮነን። እዚ ዝኸውን ክሳብ እቲ ዘይተርፍ ዕለተ-ሞታ ማለት እዩ። ምኽንያቱ፥ ዕላማኣ ኣብ ልዕሊ ነቲ ፈለማ ክትስዕቦ ኢላ መብጽዓ ዝኣተወቶ ቅዱስ ዕላማ ጸብለል ምባልን፥ ህላወኣ ድማ ብኡ መጠን ምርግጋጽ ጥራይ ስለዝኾነ። ምርግጋጽ ህላወ ሰውራ ዝብል እከይ ስነ-መጎት ናብቲ ዝለዓለ ጠርዙ ምስ ዝሰሓብ ኸኣ፥ እታ ሃገር ብምልእታ ንቐጻልነት ሰውራ ንኽትረጋገጽ እተገልግል ኣቕሓ ንኽትከውን ትሕረ። ኣብዚ ደረጃ'ዚ ድማ፥ ሰውራ ሓደ ምሉእ ናይ

ሓሽውየ ዙርያ ዛዚማ ማለት እዩ። ከመይ፡ ኣብቲ ፈለማ፡ ዕላማ ሰውራ ነታ ሃገር ንምግልጋል እዩ ኔሩ። ኣብ መወዳእታ ግን እታ ሃገር ንሰውራ ንኸተገልግል ስለ ትግደድ። ግና’ኸ ክልቲኦም ብሓባር ተሳንዮም ክነብሩ ኣይክእሉን ኢዮም። ተተሓሒዞም ነፍሰ-ቅትለት ክፍጽሙ እንተ ዘይኮይኑ። ሰውራ ኤርትራ ኸኣ ምሉእ ብምሉእ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቅሰ ዝመስል እዩ።

እዚ ሕጂ ኤርትራ ኣትያቶ ዘላ ወሳኒ መድረኽ፡ ንድሕሪት ተመሊስና ምስ እንሪኦ፡ ካብ ሓደ ሓቂ ዝነቐለ ምኳኑ ክንግንዘብ ንኽእል። ንሱ ድማ ሻዕቢያ ዕድሜኣ ንኸተናውሕ መጠኑ ዝሓለፎ ህርፋን ኣለዋ። እዚ ኸኣ፡ ዋላ’ኳ ህላውነትካ ምኽኑይ እንተ ዘይኮነ፡ ዝተኸፍለ ዋጋ ከፊልካ ገዛእ-ርእስኻ ምዕቃብ ኣብ ዝብል ኣዕናዊ እምነተ-ሰረት ዝተመርኮሰ እዩ። እቲ ናይ መወዳእታ ክብጻሕ ዝነበሮ ዕላማ ምሕራር ሃገር እንተ ደኣ ኮይኑስ፡ ድሕሪ ምሕራር ሃገር ሰውራ ምስ ኩሉ ተርእዮታቱ ከብቕዕ ኔሩዎ። እዚ ማለት፡ ሻዕቢያ ሓቚቓ ምስ ሲቪላዊ ሕብረተሰብ ኤርትራ ክትተሓናፈጽ ኔሩዋ። በንጻር እዚ ረዚን መፍትሒ ግን፡ መንነት ሻዕብያ ምዕቓብ እቲ ናይ መወዳእታ ዕላማ ናይዚ ዘለናዮ እዋን ፖለቲካዊ ጸወታ ኾይኑ። ብርግጽ፡ ዝተኸፍለ ዋጋ ተኸፊሉ ሻዕብያ እንታይነታ ክትዕቕብ ኢያ መሪጻ። እዚ ኸኣ ብዋጋ ናጽነት ሃገር እዩ፡ ማለት በቲ ንቃልሲ ዘንቀለ መሰረታዊ ዕላማ - ብናጽነት ሃገር ክትጣላዕ መሪጻ ማለት እዩ። እዚ መንነትካ ንምዕቃብ ተባሂሉ ዝግበር ዘይሕለል ጻዕሪ፡ ኣብቲ ዝለዓለ ጠርዙ በጺሑስ፡ ሎሚ ሻዕብያ ህላዌኣ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ንኸተረጋግጽ ኣብ ጻዕረ ሞት ሕጊግ ክትብል ንዕዘብ። መወዳእታኡ ድማ ነፍሰ-ቅትለት ምፍጻም ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ናይ ሻዕቢያ ምዕብልና ናብ ሓውሲ ሃይማኖታዊ ትካል፡ ዕድሚኣ ንዘይተደልየ እዋን ኣብ ምንዋሕ ዘርኣየቶ ብርታዓ ዝገልጽ እዩ። ሃይማኖታውያን እምነታት ንኣሽሓት ዓመታት ንክቕጽላ ዘኽኣለን ቀንዲ ምኽንያት ብሙልእነት ክግለጽ ኣብ ዘይክእል ዕላማ፡ ማለት ኣብ ድሕሪ ሞት ክጭበጥ ዝኽእል ዕላማ ዘተኮራ ስለዝኾና እዩ። ካብ ሞት ተንሲኡ ብዛዕባ ድሕሪ ሞት ዝርከቡ ጸጋታት ዝመስከረ ሰብ ዛጊት ስለዘየልቦ፡ ሃይማኖታውያን እምነታት ዕላማና ወቂዒና ኢሎም ህላዌኦም ንኸብቕዕ ዘገድድ ነገር የብሎምን። ዕላማኦም ኣብቲ ብምልኡነት ክግለጽ ዘይክእል ብምግባር፡ ማለት ኣብቲ ዓለምና ዛጊት ከተረጋግጾ ዘይክኣለት ዘልኣለማዊ ዕላማ ብምቕማጥ፡ ገዛእ-ርእሶም’ውን ምስቲ ዕላማ ብምትእስሳር፡ ንዘበናት ክቕጽሉ በቒዖም። እቶም ሓቐኛ ኣመንቲ ኸኣ፡ ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ዘለው ፍልልያት ከለልዩ ዝኽእሉ ኣይኮኑን።

ፖለቲካዊያን ውድባት ግን ድሕሪ ሞት ዝኸይድ ዘልኣለማዊ ዕላማ ስለዘይብለን ዕድለኛታት ኣይኮናን። እዚ ግን ከዘናግዓና የብሉን። እቲ ምንታይ’ሲ፡ ቀንዲ ጠንቂ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ መላኺ ስርዓት ዝኸሰት ትራጀዲ፡ እቶም መለኸቲ ስርዓታት ብምሉእነት ክግለጽ ዘይክእል ዕላማ - ማለት ዓለምና ዛጊት ከተረጋግጾ ዘይክኣለት ዕላማ ንኽፈጥሩ ካብ ዝገብርዎ ፈተነ ዝነቕል እዩ። ብስነ-ሓሳብ ንዘልኣለም ቕቡል ክኸውን ዝኽእል፡ ብኒርቫና (Nirvana) ዓለም ወይ ብገነታዊ ዓለም ዝፍለጥ፡ ኮሚኒስታዊ ስርዓት ክፈጥሮ ዝኽእል ደርቢ-ኣልቦ ሕብረተሰብ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣብ ዴሳውያን ሃገራት እንተዘይነግስ፡ ኩሉ እቲ እዘን ሃገራት ንዓሰርተታት ዓመታት ዝሓለፍኦ ሕሰም ምኽኑይ ክኸውን ኣይምኸኣለን። ኣብዚ መዳይ ሻዕቢያ ዕድለኛ ኣይኮነትን። ከመይ፡ ነቲ ንነዊሕ ጊዜ ዝሰበኸትሉ ዕላማ፡ ማለት ናጽነት ኤርትራ፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ስለዝተረጋገጸ። እዚ ኸኣ ከም ሓደ ዘልኣለማዊ ዕላማ ወሲድካ ንዘይተወሰነ ጊዜ ክትሰርሓሉ ዝከኣል ኣይኮነን። ስለዚ ኢዩ እምበኣር ህላዌ ሻዕብያ ኣብዚ ንኸብቕዕ ዝግደድ። ሻዕብያ መንነታ ናይ ምዕቃብ ጻዕሪ ብቀሊሉ ኸተቛርጽ ኢያ ንምባል ግን ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ነቲ ዘይባህርያዊ ህላዌኣ ምኽኑይ ንምግባር፡

*ሓድሽ ዕላማ ክትፈጥር ኔሩዋ። እዚ ኸኣ ንብምልኡ ሕብረተሰብ ጭካነ ብዝመልኦ ኣገበብ ዳግም ወዲብካን የዐስኪርካን፡ ሓዲሽን ዘይንቡርን ሃዋሁ ብምፍጣር ዝረጋገጽ እዩ።*

*መብዛሕትኦም ደቂ-ሰባት መንነቶም፡ ማለት እንታይነቶም ካብ ዝገድፉ ነፍሰ-ቅትለት ክፍጽሙ ይመርጹ። ከመይ፡ መንነትካ ምግዳፍ ምስ ነፍስኻ ምቕታል ስለ ዝቖጸር። እዚ ስለዝኾነ እዩ እምበኣር፡ ደቂ ሰባት ካብቶም ቀንዲ መለለዪ መንነቶም ዝኾኑ፡ ከም በዓል ሃይማኖት፣ ቋንቋ፣ ሃገራውነትን ወዘተረፈን ንኸገድፉ ምስ ዝሕተቱ ኣበርቲዖም ዝቃወሙ። ክሳብ'ታ ናይ መጨረሽታ ትንፋሶም እትሓልፍ'ውን ዝቃለሱ። ሑሉፋት ደገፍቲ ጀብሃን ሻዕቢያን ኸኣ፡ እዚ ስለዝኾኑ እዮም መንነቶም ካብ ምግዳፍ ነፍሰ-ቅትለት ክፍጽሙ ዝመረጹ፡ ዋላ'ኳ ሓርነት ኤርትራ ኣብቲ ናቶም መንነት ሓደ መሰረታዊ ለውጢ ብምትእትታው ጥራይ ክረጋገጽ ዝከኣል ኔሩ እንተዝኸውን።*

*ካብ ኩሉ ንላዕሊ ንሜዳ ኤርትራ ዝወሰነ ጉዳይ እንተኔሩ፡ እቲ ሓደ ኣብ ልዕሊ እቲ ሓደ ጸብለል ንምባልን ህላውነቱ ንምምርግጋጽን ብጀብሃን ሻዕብያን ዝተገብረ ዘየቋርጽ ጻዕሪን ህልኽን እዩ። እዚ ተልእኾ ብመንጽር መንነት ክርአ እንከሎ፦ ዝተኸፍለ ዋጋ ይከፈል ብዘየገድስ፡ ናይ ገዛእ-ርእስኻ መንነት ጥራይ ምዕቃብ ኣብ ዝብል ክጥቕለል ይከኣል። ብርግጽ፡ ካብቲ ንኤርትራ ሓራ ምግባር ዝብል ቅዱስ ዕላማ፡ እዚ ናይ ነፍስ-ወከፎም መንነት ናይ ምዕቃብ ዊንታን ድሌትን እዩ ዘመዝን ዝነበረ። እቲ ሜዳ ብመሰረቱ ንኽህሉ ምኽኑይ ዝገበረ ቅዱስ ዕላማ፡ ተለጣፊ ናይቲ ብኽልቲኡ ሸነኽ ናይ ገዛእ-ርእስኻ መንነት ንምዕቃብ ዝገብር ዝነበረ ጻዕሪ ድኣምበር፡ እቲ መሰረታውን መሪሕን ዕላማ ኣይነበረን። ኣብ መወዳእታኡ፡ ጀብሃ ነቲ ብሉይን ጉጂለኣውን መንነታ ኣብ ክንዲ ምግዳፍ፡ ነፍሰ-ቅትለት ክትፍጽም መሪጻ። ሻዕቢያ ብወገና ነቲ ኢ-ሰብኣውን ባርባራውን መንነታ ምግዳፍ ተሳኢንዋ፡ ኣብ መስርሕ ምፍጻም ነፍሰ-ቅትለት ተጸሚዳ ትርከብ። እዚ እዩ እቲ ሓቂ፡ ዋላ'ኳ ክልቲኤን ውድባት መንነተን ብመንነት ሕዝቢ ኤርትራ ብምትካእ፡ ነፍሰ-ቅትለት ናይ ምፍጻም ኣጋጣምታት ከወግዳ ይኽእላ እንተነበራ። ኣብ ዝቕጽል፡ ነዚ ናይ ነፍሰ-ቅትለት ተርእዮ ንሰለስተ ኣብነታት ብምቕራብ ክድህሰሶ ክፍትን ኢየ፦ እቲ ሓደ ውግእ ሕድሕድ፡ ካልኣይ ፋሉል፡ እቲ ሳልሳይ ድማ ናጽነት ኤርትራ።*

## *ውግእ ሕድሕድን ናይ መንነት ቅልውላውን*

*ብዙሓት ሰባት፡ ነቲ ንጀብሃ ንሱዳን ዘሳደደ ውግእ ሕድሕድ፡ ብዝኾነ ይኹን መገዲ ክውገድ ዝነበሮ ናይ ክልተ ኣሕዋት ውግእ ኢዩ ዝብል የዋህ ርድኢት ኣለዎም። ግና'ኸ እቲ ውግእ ተወጊዱ እንተዝኸውን፡ ኣብ መወዳእታ ስርዓት ኢትዮጵያ ካብ ኣስመራ ብኸመይ ክጽረግ ከምዝኽእል ፍጹም ኣይረኣየንን። ጀብሃን ሻዕብያን ንኻልኣይ ግዜ ኣብ ኣፍደገ ኣስመራ እንተዝበጽሑ፡ ልክዕ ከምቲ ኣብ ሰብዓታት ዝተራእየ፡ ናይ ክልቲኦም ምፍጣጥ መጋጠመ። ወላ'ኳ ንሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ምጽራግ እንተዝዕወቱ፡ ሽዑ ንሽዑ ግን ውግእ ሕድሕድ ሙሉእ ብሙሉእ ምጀመረ። ነቲ ውግእ ክድግፍ ኢለ ዘይኮንኩስ፥ እንታይ ደኣ ክንዲ ዝተኸፍለ ዋጋ ይከፈል ብዘየገድስ እቲ ሓደ ነቲ ካልእ ኣጥፊእካ ናይ ምንባር ድሌት ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም ግንባራት ክሳብ ዝነበረ፥ ውግእ ሕድሕድ ክኽሰት ዘይተርፍ ተርእዮ ምኳኑ ኢየ። ኣብ ዝኾነ ንውግእ ሕድሕድ ዝምልከት ትንተና ኸኣ፡ እዚ ዘይተርፍ ተርእዮ ከም ውዱእ ነገር ዝውሰድ እዩ።*

*እስከ ንገዛእ ርእስና ንሕተት፥ ስለምንታይ ኢዩ ውግእ ሕድሕድ ከውገድ ዘይተኻእለ፧ እቶም ክልተ ግንባራት ንኸይሓብሩ'ኸ እንታይ ኢዩ ጸጊሙዎም፧ እቲ ቀጥታውን ቀንድን መልሲ፦*

*ምኽንያቱ እቲ ሓደ ናይ’ቲ ሓደ መንነት ከይበረዘ ወይ ምሉእ ብምሉእ ከየሕቀቐ ክሓብር ከምዘይክእል ስለዝተኣመነ ኢዩ። ከም ኣብነት ጀብሃ እንተወሰድና፡ ኣብቲ ፈለማ እዋን ምስ ሻዕቢያ ናይ ምሕባር ድልየት ኔሩዋ እዩ፥ ምኽንያቱ ኣብቲ ጊዜ’ቲ ሻዕቢያ ብቑጽሪ ውሑዳት ስለዝነበሩ መንነቶም ኣቃጢንካ ናብ ጀብሃ ከምዝሓብሩ ምግባር እቲ ዝቐለለ ኮይኑ ስለዝተራእያ። ሓይሊ ሻዕቢያ እንዳደልደለን እንዳሓየለን ኣብ ዝኸደሉ ግዜ ግን፡ ኣብ’ቲ ናይ ባዕላ መንነት ሓደ ቅጽበታዊ ለውጢ ከይተኣታተወ ሕብረት ምስ ሻዕብያ ክረጋገጽ ከምዘይክእል ተረዲኡዋ። ሻዕቢያ’ውን እንተኾነት ነቲ ናይ ምሕባር ድልየት ካብ ፈለማ ክሳብ መወዳእታ ከምዝተቓወመቶ እዩ ዝፍለጥ።*

*ክልትቲኣን ውድባት ናይ ነፍስ-ወከፈን መንነት ኣብ ነጻ ኤርትራ ከተግብራኦ ህርፋን ኔርወን። እዚ ክፍጸም እንተኾይኑ፡ ሓደ ነቲ ሓደ ብምብላዕ ጥራይ ዝረጋገጽ ምኽኑ ዝተነጸረ እዩ። እቲ ክልቲኣን ኣብ ሓራ መሬት ክትግበር ዝበሃገኦ መንነት ግን ምስ’ቲ ሓቀኛ መንነት ሓፋሽ ሕዝቢ ኤርትራ ዘራኽብ ወላሓንቲ የብሉን። ስለ’ዚ እቲ ናይ ገዛእ-ርእስኻ መንነት ናይ ምዕቃብ ጻዕሪ፡ ብዋጋ ናይቲ ሓደ መንነት ጥራይ ዘይኮነስ፡ እንኮላይ ብዋጋ መንነት ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ተጣሊዕካ ዝረጋገጽ ክኸውን በቓዑ።*

*ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ብዙሓት ተደናገጽቲ ጀብሃ፡ ጠንቂ ምጥፋእ ጀብሃ፡ ሻዕቢያን ወያኔን ኢዮም ዝብል ርድኢት ኣለዎም። እዚ ግን ኣብ ልዕሊ ውግእ ሓድ ሕድ ዝንቡዕ ኣረኣእያ ካብ ምህላው ዝነቅል እዩ። ኣብ ዝኾነ ግዜን ቦታን፡ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ናይ ምጥፋእ ህርፋን ኣብ ቦትኡ እዩ ኔሩ። ግና’ኸ ፈተንኻ ስለዝፈሸለ፡ ከምኡ እውን ስለዝተስዓርካ፡ ካብ ገበን ናጻ ትኸውን ማለት ኣይኮነን። ንኣብነት ድሕሪ ምዝላቕ 1978 ዘጋጠመ ኩነት ጥልቕ ኢልና ምስእንርኢ፡ ነዚ ጉዳይ ብግቡእ ክንርድኦ የኽእለና እዩ። ድሕሪ ምዝላቕ ኣብ ዝቐጸሉ ክልተ ዓመታት፡ ጀብሃ ምስ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኢትዮጵያ ዝኾነ ይኹን ዓበይቲ ወተሃደራዊ ግጥማት ኣየካየደትን። እዚ ኸኣ ንሻዕቢያ ንምጥፋእ ተባሂሉ ዝተገብረ ኣዝዩ ረቂቕ ስትራተጂካዊ ውጥን ኢዩ።*

*ድሕሪ ምዝላቕ 1978፡ ስትራተጂ ኢትዮጲያ ቁጠባውን ቀሊልን ኢዩ ኔሩ፦ ፈለማ ንሻዕቢያ ምጥፋእ፡ እቲ ዝተረፈ ኸኣ ባዕሉ ክጠፍእ ኢዩ ዝብል እዩ። ጀብሃ፣ ሻዕቢያን ወያኔን ነዚ ስትራተጂ ብዝግባእ ተረዲኤናኦ። ጀብሃ ምስ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኢትዮጵያ ዘይተተናኸፈት፡ ኣብ ተዛማዲ ርጉእ ሃዋህው ከምትህሉ ምኻና ትፈልጥ ኔራ። ህላዌ ጀብሃ ግን ምስ ህላዌ ሻዕቢያ ዝተተሓሓዘ ኢዩ ኔሩ። ነዚ ሓቒ’ዚ መሪሕነት ጀብሃ ዘይተረድኣዎ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ እቲ ንሻዕቢያ ናይ ምጥፋእ ድልየት ካብ ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ናይ ምስጓግ ድልየት ስለዝዛየደ ኢዩ። ስለዚ ኣብቲ ዝቐጸለ ክልተ ዓመታት ጀብሃ ነብሳ “ክትዕቅብ” ከላ፡ ብተዘዋዋሪ መገዲ ኣብ ልዕሊ ሻዕቢያ ጥይት ከይተኮሰት ኸናት ሕድሕድ ኢያ እተካይድ ኔራ። ኢትዮጵያ ንሻዕቢያ ከጥፍኦም ክህቅን ከሎ ጀብሃ ዘርኣየቶ ስቕታ ኣብ ዝቐጸለ ዓመታት ብቐሊሉ ክሃስስ ኣይከኣለን። ሻዕቢያ ገርሂ ኣይነበረትን፥ ጥጡሕ ግዜ ጥራይ’ያ ትጽበ ኔራ።*

*ያኢ ሓድ ሕድካ ንምጥፋእ ውርዙይ መምርሒ ኣሎ ኮይኑስ፡ ብዙሓት የዋሃት “ሃገራውያን”፡ ነቲ ሻዕቢያ ምስ ወያኔ (ናይ ደገ ሓይሊ) ተሓጋጊዛ ኣንጻር ጀብሃ ዘካየደቶ ውግእ ንምቕባሉ ኣዝዩ ይኸብዶም። ኣብዚ ግን ሓደ ብግቡእ ዘይተረድኣዎ ነገር ኣሎ። ጀብሃ’ውን ንባዕላ፡ ወላ’ኳ ቐጥታዊ ኣይኹን፡ ንሻዕቢያ ንምጥፋእ ናይ ባዕዲ ሓይሊ (ናይ ኢትዮጵያ ሰራዊት) ተጠቒማ ኢያ። ወያኔ ነቲ ብኢትዮጲያ ኣብ ልዕሊ ሻዕቢያ ዝቐንዐ ስትራተጂ ጥልቕ ዝበለ መረዳእታ ኔሩዋ ኢዩ። ሻዕቢያ እንተደኣ ተደምሲሱ ህላዌ ወያኔ ኣጸጋሚ ከምዝኸውን ወያኔ ኣጸቢቓ ተረዲኣቶ እያ።*

እምበኣርሲ እቲ ወያኔ ምስ ሻዕብያ ብምትሕብባር ኣንጻር ጀብሃ ዘካየዶ ውግእ ንህላዌኣ ዝምልከት ስለዝነበረ እዩ።

ካብ ውግእ ሕድሕድ ክንቀስሞ ዘለና ትምህርቲ ኣሎ። እዙ ኸኣ፡ ጀብሃን ሻዕብያን ናይ ነፍስወከፈን መንነት ንምዕቃብ ቐዳምነት ሂበን ይሰርሓ ምንባረን እዩ። ናተን መንነት ኸኣ ምስ ረብሓ ሓፋሽ ሕዝቢ ዘራኸብ ወላሓንቲ የብሉን። ብወገን ጀብሃ እንተወሲድና፡ ሻዕቢያ ምስትድምሳስ፡ ካብ ሰራዊት ኢትዮጵያ ክወርዳ ንዝኽእል መጥቃዕቲ ንበይና ክትጻወሮ ከምዘይትኽእል ብጉቡእ ትፈልጥ ኔራ'ያ። ግና'ኸ ሻዕቢያ ንምጥፋእ ዝነበረ ድልየት ስለዝዛየደ፡ ወላ'ኳ ናብ ነብሰ-ቅትለት ተምርሕ እንተነበረት፡ በቲ መገዲ ክትቅጽል መሪጻ።

## ፋሉልን ቅልውላው መንነትን

ምንቅስቓስ መንካዕ፡ ኣብቲ ናይ ፈለማ ታሪኽ ሻዕቢያ ኢዩ ኣጋጢሙ። ምንቅስቓስ ፋሉል ግን፡ ጀብሃ ኣብቲ ዝለዓለ ጠርዚ ዕብየታ ኣብ ዝበጽሓትሉ እዋን ስለዘጋጠመ፡ ኣዝዮም ብዙሓት ተጋደልቲ ኣብቲ ምንቅስቓስ ንኽሳተፉ ኣኽኢሉ ኢዩ። ጀብሃን ሻዕቢያን፡ ኣብ ልዕሊ እዞም ክልተ ምንቅስቓሳት ዘርኣይዎ ኣተሓሕዛ እንታይ ከምዝመስል ምስ እንዕዘብ፡ ክልቲኦም ውድባት፡ ናይ ገዛእ-ርእሶም መንነት ንምዕቓብ፡ ማዕረ ኽንደይ ኣስካሕካሒ ስጉምቲ ክወስዱ ከምዝኽእሉ ንርዳእ። ናይ ክልቲኦም መንነት ኸኣ፡ ምስቲ ቀንዲ ዕላማ ህዝባዊ ቃልሲ፡ ዘራኽብ ወላሓንቲ ትሕዝቶ 'ኳ ከምዘይብሉ ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

ኣብ ሰብዓታት፡ ጀብሃ ሓደ ዓቢ ናይ መንነት ቅልውላው ኣጓኒፉዋ ኔሩ። ኣብቲ ሽዑ እዋን፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት መንእሰያት ካብ ከበሳ ናብ ሜዳ ክውሕዙ ከለው፡ ኣብ መንነታ ሓደ ቅጽበታዊ ለውጢ ክይገበረት ክተኣንግዶም ዝከኣል ኣይነበረን። ብርግጽ፡ ብዙሓት ሓያላት መራሕትን ተራ ኣባላትን ጀብሃ፡ ምስቲ ኣብ ባይታ ዝነበረ ሓቂ ክዕረቑ ኣይከኣሉን። ኣብ ላንጋላንጋ ኢዮም ኔሮም። በቲ ሓደ ኣብ ልዕሊ ሻዕቢያ ጸብለል ክብሉ እንተኾይኖም፡ እዚ ሓድሽ ሓይሊ ክሳብ ክንደይ ከምዘድልዮም ተገንዚቦሞ ኔሮም። በቲ ሓደ ወገን ከኣ፡ ምእንጋድ ነዚ ሓድሽ ሓይሊ፡ ነቲ ኣረጊት መንነት ጀብሃ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእቱ እንተኾይኑ፡ ይትረፈና ዝብል ርድኢት ኔርዎም። ከመይ፡ እቲ ቀንዲ ኣብ ልዕሊ ሻዕቢያ ጸብለል ክብሉ ዝደረኾም ምኽንያት፡ ካብ ምዕቓብ ነቲ ኣረጊት መንነቶም ዝነቕል ስለዝነበረ። ኣብዚ ላንጋላንጋ ሓሳብ ተቐርቂሮሙሉ ዝነበሩ እዋን እምበኣር፡ ሓደ መዋጽኦ ኮይኑ ዝተሰምየም ፍታሕ፡ ምንቅስቓስ ፋሉል እዩ ኔሩ። ነዚ ብሰፊሕ ክገልጾ ክፍትን ኢየ።

ወላ'ኳ ፋሉል ብዓቐኑ ንእሽቶ ምንቅስቓስ እንተዘይነበረ፡ እቲ ንሱ ዘልዓሎም ሕቶታት ግን፡ ብዝኾነ ይኹን መለክዒ ሕሉፋት ኣይነበሩን። በንጻሩ እኳ ደኣ፡ እታ ቀንዲ ምንቅስቓስ ፋሉል ዘቕረባ ሕቶ፡ ጉዳይ ሓድነት እያ ኔራ። ምንቅስቓስ ፋሉል፡ ጀብሃ ካብ ምስታ ምስኣ ብማዕረ ኣብ ሜዳ ዝነበረት ሻዕቢያ፡ ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡ ማለት ምስቲ ኣብቲ እዋን ስምረት ኣብ ግብሪ ንኽውዕል ወላሓንቲ ሓይሊ ዘይነበሮ ሳበ፡ ሓደ ጥሙር ናይ ስምረት ውዕል ብምምስራታ፡ ንመስርሕ ሓድነት ብፍላጥ ትጎስዮ ኣላ ዝብል እምነት ኔሩዎ። ብርግጽ፡ ፋሉል የዋህነት ዝዓሰሎ ምንቅስቓስ ኢዩ ኔሩ። ምኽንያቱ፡ ሻዕቢያ ስምረት ናይ ውድባት ንኽረጋገጽ ድልየት ዘለዋ ኮይኑ ይስምዖ ስለዝነበረ።

ንየዋህነት ምንቅስቓስ ፋሉል ንጎድኒ ገዲፍና፡ ጀብሃ ነዚ ምንቅስቓስ ኣብ ክንዲ ብጭካነ ዝመልኦ ሓይሊ፡ ብቐሊሉ ብምርድዳእ ክትፈትሖ ምስከኣለት ኔራ። ጀብሃ ንሕቶ ሓድነት ኣእንጊዳቶ ነይራ እንተትኸውን፡ ንሻዕብያ ኣብ ፈተነ መእተወታ ነይራ። ምኽንያቱ፡ ሻዕቢያ ነቲ ጠለብ ካብ ፈለማ ብዑቱብ ወሲዳቶ ስለዘይትፈልጥ። እጂ 'ውን ኣይምወሰደቶን ኔራ።

እንተኾነ ግን፡ ንናይ ጀብሃ መንነት ሓደጋ ዝኾኖ፡ ካብ ሻዕብያ ዝነቀለ ጠለብ ሓድነት ዘይኮነስ፡ እቲ ጠለብ ካብ ውሽጢ ኣባላታን መሳርዓን ዝነቅል ምንባሩ እዩ። መርሒነት ጀብሃ ይኹን ሻዕብያ፡ ሓድነት ክልቲኡ ውድባት ንኽረጋገጽ ዝደልዩ ኣካላት ኣይነበሩን። ነዚ ጉዳይ 'ዚ ኸኣ፡ ክልቲኦም መርሒነታት ኣዳዕዲያም ዝፈልጥዎ ነገር እዩ ኔሩ። ስለምንታይ ግን ጀብሃ ኣብ መወዳእታኡ ሓይሊ ኣንጻር ምንቅስቓስ ፋሉል ክትጥቀም መሪጻ፧

መራሕቲ ጀብሃ፡ ዓቕሚ ሰራዊቶም ከየዳኸሙ፡ መንነት ዓባይ ጀብሃ፡ ማለት ነቲ ናብ ሓደ ንሳቶም ዘይደልይዎ ገጹ ብናህሪ ዝጓዓዝ ዘሎ ኮይኑ ዝተረድኦም መንነት ጀብሃ ንምዕቃብ፡ ምንቅስቃስ ፋሉል ሓደ ብሳሕቲ ዝርከብ ጽቡቕ ዕድል ዝፈጠረሎም መሲሉዎም ኔሩ። እቶም መራሕቲ፡ ነቲ ብናቶም ቅዲ ክምእዘዝ ዘይክእል ምንቅስቓስ ፋሉል፡ ነቶም ከበሳዊ መበቆል ዘለዎም ተጋዳልቲ ከየቀየሙን ከየህደሙን፡ ፈልዮም ከሕቕቕዎም እንተኽኢሎም፡ መንነቶም ከይቀየሩ ህላውነቶም ክዕቅቡ ዝኽእሉ ኮይኑ ተሰሚዕዎም። እቲ ሓቂ ግን ብኣንጻሩ ኮይኑ ደኣ ተረኽበ።

ድሕሪ ምንቅስቓስ ፋሉል፡ ጀብሃ ካብ ሕማማ ክትሓዊ ፍጹም ኣይከኣለትን። እዚ ግን፡ ብቑጽሪ ብዙሓት ተጋደልቲ ኣብቲ ምንቅስቓስ ስለ ዝተሳተፉ ጥራይ ኣይኮነን። ብዓቢኡ 'ውን፡ ኣብ ልዕሊ ምንቅስቓስ ፋሉል ዝተፈጸመ ስጉምቲ፡ ነቲ ኩነታት ናብቲ ኣብ ፈለማ እዋናት ዝነበረ ፈላላዪ ባህሪ ጀብሃ መሊሱ፡ ናይ ጥርጠራ ሃዋሁ ስለዝፈጠረ። ብተወሳኺ፡ ጀብሃ ነቲ ኣብ 70ታት ዝማዕበለ፡ ክልተ ተጻረርቲ ጫፉት ዝነበሮ ሓድሽ መንነት ከተዓርቕ ዝኽእል ሜላ ክትጥቀም ፍጹም ኣይከኣለትን። በዚ ምኽንያት እምበኣር፡ ጀብሃ ብሰንኪ ዘጋጠማ ናይ መንነት ቅልውላው ክትጠፍ ኪኢላ።

ልዕል ኢሉ ከምዝተጠቕሰ ግን፡ ብዙሓት ደገፍቲ ጀብሃ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ብምጥፋእ ጀብሃ፡ ንሻዕብያን ወያነን እዮም ዝኸሰዎም። እዚ ግን፡ ፍርቂ ናይ'ቲ ታሪኽ ከማን ኣይከውንን። ኣብ ትሕቲኡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ተጋደልቲ ዘዕጠቐ ውድብ፡ ውሽጣዊ ቅልውላው እንተዘይበልዮ፡ ፈጺሙ ብሃንደበት ናብ ንፋስ ክስወር ዝኽእል ኣይኮነን። ሻዕብያን ወያነን ዝገበርዎ እምበኣር፡ ነቲ ድሮ ተቓሲሉ ክፍወስ ዘይክእል ኣካላት ጀብሃ፡ ናይ መጨረሽታ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ጥራይ 'ዮም ፈጺሞምሉ።

ዋላ'ኳ ምንቅስቓስ ፋሉል ናይ ሃይማኖትን ዓሌትን ድፍኢት እንተነበሮ፡ ንሱ ጥርይ 'ዩ እቲ መበገሲ ኢልካ ክዝረብ ግን ዝከኣል ኣይኮነን። ነዚ ንምርዳእ፡ ነቲ ካልኣይ ገጽ ናይቲ ታሪኽ ምርኣይ ጥራይ 'ዩ ዘድሊ። ንሱ ድማ፡ ሻዕብያ ነቲ ቅልውላው ከመይ ጌራ ከምዝሓዘቶ ምርኣይ ጥርይ እዩ ዘድሊ።

መብዛሕትኦም ኣባላት ፋሉል፡ ከበሳዊ መበቖል ዝነበሮም ተመሃሮ ስለዝነበሩ፡ ሻዕብያ ምስ ኣባላታ ብምትሕንፋጽ ንኽትውሕጦም ጸገም ክህልዋ ኣይክእል 'ዩ ኢልና ንሓስብ ንኸውን። ካልኣይ ጊዜ ምሕሳብ ግን ከድልየና ኢዩ።

ኣስታት ክልተ ሽሕ ኣባላት ዝነበሮ ምንቅስቓስ ፋሉል፡ ኣብ ሞንጎ ጀብሃን ሻዕብያን ምስተቐረቀሩ፡ ሻዕብያ በይናዊ ህላዊ ናይዚ ምንቅስቓስ ከምዘይትጻወሮ ብንጹር ሓቢራቶም እያ። ካልእ ኣማራጺ ስለዘይነበሮም ከኣ፡ ምስቲ ዝሓሸ ኢሎም ዝሓሰብዎ፡ ማለት ንሻዕብያ ኢዶም ክህቡ መረጹ። ድሒሮም ዝነቐሑሉ ነገር እንተኔሩ ግን፡ ሻዕብያ ደይ መደይ ኢላ፡ ንኹሎም ብሓባር ኣብ ቅድመ ግንባር፡ ኣብቲ ሽዑ እዋን እተካይዶ ዝነበረት ዘስካሕክሕ ኲናት ምጽዋዕ፡ ኣእትያ ኣህሊቓቶም። ስለምንታይ ግን ሻዕብያ ከምኡ ጌራ፧ …እቲ መልሲ፡ ሩዱእ እዩ። ልክዕ ከምቲ ጀብሃ ዝፈጸመቶ፡ ሻዕብያ ‘ውን መንነታ ንምዕቃብ ‘ያ ጌራቶ።

እቲ ዝበለጸን ትርጉም ዝህብን፡ ሻዕብያ ክትገብሮ ዝግብኣ ዝነበረ ነገር እንተኔሩ፡ ነቶም ሓደሽቲ ኣባላት ፋሉል፡ ኣብ ሙሉእ ሰራዊታ ምብታን ኢዩ ኔሩ። እንተኾነ ግን፡ ንሓደ ፓራኖይድ ወይ ብፍርሒ ዝተዋሕጠ ውድብ፡ እሞ ኸኣ ኣሎ ዝበሃል፡ ግሁድ ይኹን ዝመስል ተቓውሞ፡ በቲ “ሓለዋ ሰውራ” ተባሂሉ ዝፍለጥ ትካሉ ተጠቒሙ ብጥንቃቐ ምሕዩ ዘጥፈአ ውድብ፡ ከምዚ ዓይነት ስጉምቲ ምውሳድ፡ ንዓቢ ሓደጋ ምቕላዕ ማለት እዩ። ልክዕ ከምቲ መራሕቲ ጀብሃ ዝሓሰብዎ፡ ሻዕብያ ‘ውን ብወገና፡ መንነታ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከየውረደት፡ ነቲ ዝተጸንበራ ዓቢ ሓይሊ ከተእንግዶ ዝከኣል ኮይኑ ኣይተሰምዓን። እቶም ዝተጸንበርዋ ተራ ተጋደልቲ ኣይኮኑን። እንታይ ደኣ፡ ተቓውሞ ዘርኣዩ ተጋደልቲ ስለዝነበሩ፡ ብዓይኒ ጥርጠራ ክትርእዮም ‘ያ ተገዲዳ።

ሻዕብያ ንገዛእ ርእሳ ዝሓተተቶ ሕቶ እንተኔሩ፡ ፋሉል ምስ ሓደ ብተዛማዲ ፍኹስ ዝበለ ውድብ፡ ማለት ጀብሃ ሕጉስ ክኸውን ካብ ዘይከኣለ፡ ከመይ ኣቢሉ ምስቲ ዝያዳ ብጸቓጢ ዝኾነ ሃዋህ ዝተዓብለለ ውድብ፡ ማለት ሻዕብያ፡ ሕጉስ ክኸውን ይኽእል ዝብል እዩ፧ ነዚኦም ሓደስቲ ኣባላት ፋሉል፡ ኣብ ሙሉእ መሳርዓ ምብታን ማለት፡ ከም ሓደ ቀታሊ ቫይረስ ምዝርጋሕ ኢዩ ተቖጺሩ። ኣብዚ ክዝንጋዕ ዘይብሉ፡ ኣብቲ ሽዑ እዋን፡ ሻዕብያ ካብቲ ምንቅስቓስ መንካዕ ዘንቀሎ ፈታንን ኣሻቓልን ተሞክሮ ካብ ትላቀቕ ብዙሕ ኣይገበረትን ኔራ። ሓንሳብ ነቲ ኣብ ልዕሊ መንነታ ከስዕቦ ዝኽእል ሓደጋታት ምስ መዘነት ከኣ፡ ነቲ ቫይረስ ንምቁጽጻሩን ንምዕጋቱን ጥራይ ዘይኮነስ፡ እንታይ ዳኣ ብስሩ ንምጥፍኡ ንሕስያ ዘይብሉን ዘየላቡን ጨካን ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ፋሉል ክትወስድ መሪጻ። እዚ ጨካን ስጉምቲ፡ ኣብ መስርሕ ጥምጥም ምስ ሰራዊት ኢትዮጵያ ክፍጸም እንተተኻኢሉ ድማ፡ ብሓደ እምኒ ክልተ ኣዕዋፍ ምህራም ኢዩ።

እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን፡ እቶም ኩሎም ኣብ ውግእ ምጽዋዕ ብሓባር ዝጠፍኡ ኣባላት ፋሉል፡ ኣብ መዝገብ እቶም ኮነ ኢሎም ንሞት ኣሕሊፎም ዝሃብዎም፡ “ስውኣት” ብዝብል ስም ተመዝጊቦም ምህላዎም እዩ። ብውድዓዊ ዓይኒ እንተሪእናዮ ግን፡ ኣብ ልዕሊ እዞም ኣባላት ፋሉል፡ ብዘይጥርጥር ናይ ሞት ስጉምቲ እዩ ተወሲዱ። ኣብ መዝገብ ታሪኽ ድማ፡ “ስጉምቲ ዝተወስዶም” ተባሂሎም ክጥቀሱ ይግባእ። ሻዕብያ ንጉዳይ ፋሉል ኣብ ምፍታሕ ዝተጠቕመሉ ኣገባብ፡ ካብ ናይ ጥንቲ መዛግብቲ መለኽቲ ዝተቀድሐ እዩ። እዚ ኣገባብ፡ ምስቲ በዓል ስታሊን ንዝጠርጠርዎም ሰባት ኣብ ምጥፋእ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ኣገባብ ብልክዕ ዝመሳሰል እዩ።

ጉጅለ ፋሉል፡ ገለ ካብቶም የውሃት ናይቲ ሽዑ እዋን ተምሃሮ ወለዶ ዝሓቖፈ ‘ዩ ኔሩ። እዚኣቶም፡ ካብ ሰናይ ድሌት ተበጊሶም፡ ነታ “ኤርትራዊ መንነት” ኣብ ምእላም ዓቢ ግደ ከምዘለዋ ዝንገር፡ “ሓድነት” ትብል ኣደናጋሪት ሓረግ ንምንዳይ፡ ናብ ሜዳ ዝወሓዙ ተመሃሮ እዮም ኔሮም። ጸኒሖም ግን፡ በቶም ክልተ ኣድሓርሓርቲ መንነታት፡ ማለት በቲ ፈላላዪ መንነት ጀብሃን ብባዕዳዊ መንነት ሻዕብያን ምሉእ ብምሉእ ዝተበልዑ ትስፍዋት ተምሃሮ ‘ዮም። ኣበርክቶኦም ን “ሰውራ” ኸኣ፡

ካብቲ ጥርጣረ ዝዓብለሎ ህዱር ሕማም ዝነቅል ኮይኑ፡ ሰውራ ንኸቕጽል ክፍጸሙ ዘለዎም ኣበሳታት ማዕረ ኸንደይ ሰፊሕ ዕድል ከምዝነበሮም የረድእ።

ኣብዚ፡ ክልተ ኣገደስቲ ነጥብታት ደጊምና ክንዝክሮም ይግባእ፦

(ሀ) ኣብ ጉዳይ ፋሉል፡ ልክዕ ከም ውግእ ሕድሕድ፡ ጀብሃ ኣብ ክንዲ መንነታ ምስቲ ኣብ መሬት ዝነበረ ክውንነት ኣዛሚዳ ክትቅይሮ ትፍትን፡ ነፍሰ ቅትለት ክትፍጽም 'ያ መሪጻ፡ ዋላ 'ኳ ነቲ ኣብ ባይታ ዝምዕብል ዝነበረ ክውንነት ብምቅባል፡ ከምኡ 'ውን መንነታ ብምቅያር፡ ነቲ ዝላዓለ ሕቶ ናጽነት ኤርትራ ከተረጋገጽ ትኽእል እንተነበረት።

(ለ) ሻዕብያ 'ውን ብወገና ኣብ ናይ ነፍሰ ቅትለት ጎደና ክትጎዓዝ 'ያ መሪጻ፡ ወላ 'ኳ እዚ መስርሕ ነፍሰ ቅትለት ሻዕብያ ድሒሩ እንተተጋህደ፡ ማለት ኣብዚ ሕጂ እዋን።

## ልኡላውነትን፡ ቅልውላው መንነትን

ንጀብሃን ሻዕብያን፡ እቲ ዝዓበየ ናይ መንነት ቅልውላው ዘጋጠመን፡ ኣብቲ ዝላዓለ ጠርዚ ናይ ዓወታተን እዩ። እዚ ኸኣ፡ ናይ ኣጋጣሚ ኣይነበረን። ከመይ፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት እዋን፡ ጀብሃን ሻዕብያን፡ ኣብ መንነተን ወይ መሰረታዊ ለውጢ ብምትእትታው፡ ወይ ከኣ ጭራሽ ነቲ መንነተን ብምርሕርሑ ጥራይ 'የን ዓወታተን ክዕቅባ ዝኽእላ። ስግንጥራዊነት ናይቲ ጉዳይ እምባር፡ እዚ ሓቂ እዚ እዩ። ንሻዕብያ፡ ልክዕ ድሕሪ ምርግጋጽ ልኡላዉነት ሃገር፡ ዕርቃኑ ዝወጸ ናይ መንነት ቅልውላው ስለዘጋጠማ እምበኣር፡ ከገርመና የብሉን።

ሻዕብያ ዓወት ተጓናጺፋ ኣስመራ ኣብ ዝኣተወትሉ እዋን፡ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ፍልይ ዝበለ፡ ናይ ባዕላ መንነት ድሮ ኣማዕቢላ 'ያ መጺኣ። እዚ ማለት፡ ካብ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ኣዝዩ ዝተፈልየ ናይ ገዛእ-ርእሳ ስግኣት፣ ፍርሒ፣ ድሌትን ረብሓን ኣማዕቢላ እያ መጺኣ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ካብ ሓፋሽ ህዝቢ ዝንጽላ ባዕዳዊ ተሞኩሮ፥ ንሲቪላዊ ህዝቢ ትርጉም ዘይህብ ባዕዳዊ ቛንቛ፥ ኵሎም ሃይማኖታውያን፡ ከምኡ 'ውን ፖለቲካውያን ትካላት ኣየድልዮን እዮም ኣብ ዝብል ሰረተ-እምነት ምርኩስ ዝገብር ባዕዳዊ ስነ-ሓሳብ፥ ያታዊ ወግዕታት ዘንቛሽሽ ባዕዳዊ ክብርታት፥ ከምኡ 'ውን ኣብ ጎነጽን ተጻራርነትን ዝስስን ባዕዳዊ ባህሊ ሒዛ 'ያ ሻዕብያ ናብ ህዝቢ ተጸንቢራ።

ካብቲ እዋን 'ቲ ኣትሒዙ እምብኣር፡ ኣብ ክንዲ ሻዕብያ ምስቲ ሲቪላዊ ዓለም ንነብሳ ተመዓራሪ፡ በንጻሩ እቲ ሲቪላዊ ዓለም ንሻዕብያዊ ዓለም ክመስል 'ዩ ተሓቲቱ። ጠንቂ ናይዚ ኣብ ኤርትራ ኣጋጢሙ ዘሎ ዘሕዝንን ዘስካሕኽሕን ጸገማት እምብኣር፡ ካብቲ ሽው ሻዕብያ ነቲ ባህርያዊ ስርርዕ ብሓይሊ ንምልዋጥ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ዝነቐል እዩ።

ዋላ'ኳ ሻዕብያ ከም ምንቅስቓስ ክትጅምር ከላ፡ ዕላማኣ ንህዝብን መሬትን ኤርትራ ሓራ ምግባር ዝብል እንተነበረ፡ ኣብ ጉዕዞኣ ግን፡ እቲ ብቀዳምነት ደረጃ ዝሰርሓትሉ፡ ኣብ ምዕቃብ ናይ ገዛእ-ርእሳ መንነት ዘድሃበ እዩ ኔሩ። መንቀሊ ናይ'ዚ ዓይነት ተርእዮ፡ ካብ ኣፈጣጥራኣ እዩ ዝብገስ። እዚ፡ ካብቲ ኣብ ውሽጢ ሻዕብያን ወጻኢ ካብኣን ዝነበረ ጎነጻዊ ባህሊ ዝነቐለ እዩ። እዚ ማለት፡ ካብ ጀብሃ ብጎነጽ ምፍላያ፥ ስዒቡ ሃድን ጀብሃን መንግስቲ ኢትዮጵያን ዘማዕበሎ ናይ ሃዲም መንፈስ፥ ነባሪ ትኩርነትን ንቕሓትን ኣንጻር ኵሉ ዓይነት ናይ ውሽጢ ጸላእቲ፥ ውግእ ሕድ ሕድ ምስ ጀብሃ፥ ከምኡ 'ውን ተኸታታሊ መጥቃዕቲ ካብ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዘንቀሎ እዩ።

ኣብ ርእሲ 'ዚ፡ እቲ ብኽቱር ፍርሒ ዝተዋሕጠ ኣግላሊ ባህሊን፡ ምስኡ ዝኸይድ "ንሕና ኣንጻር ዓለም" ዝብል መንፈስን ኣተሓሳስባን ምውናን፥ ባህሊ መስዋእትነት ምምዕባል፡ ነዚ ዝጻረሩ ክብርታት ድማ ምንጻግ፥ ብቅርጺ-ኣልቦ ርእዮተ-ዓለም ዝምርሑ፡ ብንጹር ዘይተገልጹ ዕላማታት ምኽታል፥ ኣንጻር ምሁራት ዝተቓነየ ሃዋህው ምፍጣርን፡ መባእታዊ ምልውዋጥ ሓሳብ ድማ ምቕታል፥ ልዕሊ እዚ ኹሉ ድማ፡ ካብቲ ተጋደልቲ ዝነብርሉን ዝቃለስሉን ዝነበሩ ኵሉ-መዳያዊ ምልካዊ ኣተሓሕዛ ዝነቐል እዩ።

ሓንሳብ ሻዕብያ ተጠራጣሪትን ስግንጢራዊትን ኣካል ምስ ተቐየረት፡ ንኹሉ ካብ ገዛእ-ርእሳ ወጻኢ ዝርከብ ኣካል፡ "ንሳቶም" ኢላ ክትሰምዮም ጀሚራ። ኣብ ውሽጢ እቲ መስርሕ ከኣ፡ ጸላእታን ኣዕሩኽታን ፈልያ ክትመምየሉ ዘኽእላ ኣገባብ ምሉእ ብምሉእ ጠፊኡዋ። ከም ሳዕቤኑ፡ እቲ "ንሳቶም" ዝብል ኣጸዋውዓ ሻዕብያ፡ እንኮላይ ንህዝቢ ኤርትራ ዘጠቓልል ኮይኑ። እዚ ገለልታዊነት ናይ ሻዕብያ፡ ቀስ ብቀስ ንኹሎም ናይ "ገባር" ዝኾኑ ነገራት፡ ናብ ምጽያንን ምስትንዓቕን ኣማዕቢሉ።

ህዝቢ ግን፡ ኣብ ሞንጎ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ክልተ ተልእኾታት፡ ማለት ኣብ መንጎ ምዕቃብ መንነት ሻዕብያን ምሕራር ሃገርን ፈላልዩ ክርኢ ኣይከኣለን። ምኽንያቱ፡ ኣብ ሜዳ፡ ብዙሓት ካብቶም ንምክልኻል ሻዕብያ ተባሂሎም ዝውሰዱ ዝነበሩ ዕማማት፡ ምስቶም ንስለ ኤርትራ ተባሂሎም ዝፍጸሙ ዝነበሩ ይተሓናፈጹ ምንባሮም እዩ። እቶም ዘረሓሕቑ ዝነበሩ ነጥብታት ከኣ፡ ወይ እኹል ኣቃልቦ ኣይውሃቦምን እዩ ነይሩ፡ ወይ ድማ ተጎስዮም 'ዮም ዝሕለፉ ኔሮም። ሻዕብያ እምበኣር፡ እቲ ዝዓበየ ቅልውላው፡ ምስ ምምጻእ ልኡላውነት ሃገር እዩ ኣጋጢምዋ። እቲ ብመላግቦ ብግቡእ ዘይተጠምረ ክልተ ተልእኾታት፡ ማለት ምዕቃብ መንነት ሻዕብያን ምሕራር ሃገርን፡ ምስ ምምጻዕ ልዑላውነት ሃገር፡ ኩሉ ኣብ ዝርእዮ ቅርዓት ክወጽእ እዩ ክኢሉ።

ንሻዕብያ፡ ድሕሪ ምርግጋጽ ልኡላውነት ሃገር ዝነበራ ዓመታት፡ ንህላውነታ ዝፈታተና፡ ዓመታት ከቢድ ወጥርን ጭንቐትን እየን ኔረን። እቲ ምንታይ 'ሲ፡ እቲ ንሻዕብያ ከም ሻዕብያ ንክትህሉ ምኽኑይ ዝነበረ ጠንቅን ዕላማን ኣብ ባይታ ስለዘይነበረ። ስለ 'ዚ ሻዕብያ፡ ኣብ መንጎ ክልተ መፈናፈኒ ዘይህቡ ኣማራጺታት ንኽትቅርቀር ተገዲዳ። ወይ ነቲ ናይ ነፍሰ ምዕቃብ ድልየታ ጠቕሊላ ገዲፋ ምስቲ ሲቪላዊ ባህሊ ክትተሓናፈጽ ኔሩዋ፥ ወይ ድማ ንብሙሉኡ እቲ ሕብረተሰብ፡ ነቲ ናይ ሜዳ ባህሊ ንኽቕበሎን፡ ብኡ መሰረት ከኣ ንኽነብር ከተገድዶ ኔሩዋ። እዞም ክልተ ኣማራጺታት፡ ብሓንሳብ ጎኒ ንጎኒ ተሰማሚዖም ክነብሩ ከምዘይክእሉ ስለዘለለየት፡ ካብ ክልቲኡ ሓዲኡ ክትመርጽ ናይ ግድን እዩ ኔሩ።

ኣብቲ እዋን ግን፡ ንሻዕብያ ሓደ ዓቢ ጸገም ኣጓኒፉዋ ነይሩ። እሱ ኸኣ፡ እቲ ድሕሪ ምርግጋጽ ልኡላውነት ሃገር፡ ኣብ ኤርትራ ሰፊኑ ዝነበረ ሰላማዊ ሃዋሁ፡ ናይ መስዋእትነት ባህሊ ንኽዕምብብ ምቹእ ባይታ ዝፈጥር ኣይነበረን። ንሓደ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ናይ መስዋእትነት ባህሊ ዝተሰረተ ስነ-ሓሳብ ንኽውንን ክትድርኾ እንተኾንካ፡ ካብ ኣእምሮ እቲ ሕብረተሰብ ብቀሊሉ ክሕከኽ ዘይክእል፡ ኣብቲ ስእሊ ንዘንተእለት ህያው ዝኾውን፡ ናይ ጸላኢ ተራ ክጻወት ዝኽእል ኣካል ምጭጫሕ የድሊ። ሻዕብያ እንተኾነ፡ ብእዋኑ ናይ ጸላኢ ተራ ክጻወት ዝኽእል ኣካል ረኺባ እያ። ንሳ ድማ፡ እታ ናይ ቀደም ጸላኢት፡ ማለት ኢትዮጵያ ኮይና ጸኒሓ። ሓንሳብ ኢትዮጵያ፡ ነቲ ናይ ጸላኢ ተራ ብግቡእ እትጻወት ኣካል ኮይና ምስተረኸበት፡ ሻዕባያ ስዒባ ናይ "ውሽጢ ጸላእቲ" ብቀሊሉ ክትፈጥር ክኢላ።

ሻዕቢያ ምስ ኢትዮጵያ ውግእ ምስ ጀመረት፡ እቲ ቐንዲ ዝደፋፍኣ ምኽንያት፡ ነብሳ ንምዕቃብ ኢዩ ኔሩ። ኣብዚ ክዝከር ዘለዎ፡ ናይ ጸላኢ ተራ ክጻወት ዝኽእል ኣካል ንምርካብ ሃሰው ናይ ምባል መስርሒ፡ ሻዕብያ ንመጀመርታ እዋን ዝሰርሓትሉ ጉዳይ ኣይኮነን። ንጉዳይ ኢትዮጵያ ፍሉይ ዝገብሮ ግን፡ ሻዕብያ ንፈለማ እዋን ስለ ዝተዓወተትሉ እዩ። ልክዕ እዩ፡ ካልኦት ወገናት፡ ነቲ ናይ ጸላኢ ተራ ንኽጻወቱ ብሻዕብያ ዝተዳለወሎም መጻወድያ ነጺጎሞ እዮም። ኣብዚ ከም ኣብነት፡ መራሒ የመን ክጥቀስ ይኽእል። ካልኦት ነቲ መጻወድያ ስለዝነጸግዎ ግን፡ ነቲ ሻዕብያ ህላወኣ ምኽኑይ ንምግባር፡ ጸላኢ ሃሰው ኣብ ምባል ተካይዶ ዝነበረት ዘይሕለል ጻዕሪ ብዝኾነ መንገዲ ክስርዞ ኣይክእልን ኢዩ።

ነዚ ዅነተ ኩነት፡ ብኻልእ ዝተፈልየ መገዲ ክንሪኦ ከለና፡ ልክዕ ከመቲ ጀብሃ፡ ንዝኣረገ መንነታ ንምዕቃብ፡ ንምልዕዓል ፋሉል ከም ሓደ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ክትጥቀመሉ ዝፈተነት፡ ሻዕብያ 'ውን ብወገና፡ ነዚ ዶባዊ ግጭት፡ ናይ ቀደም መንነታ ንኽትዕቅብ፡ ከም ሓደ ሳሕቲ ዝርከብ፡ ክሕለፍ ዘይግብኦ ዕድል ኮይኑ እዩ ተራእይዋ። ንኽትጥቀመሉ 'ውን ስጉምቲ ወሲዳ። ኣብ ሓደ ጽሑፋይ፡ ነዚ ብዝምልከት፡ ከምዚ ዝስዕብ ኢለ ጠቂሰ ኔረ፦

> *"...እዚ ስለዝኾነ 'ዩ እምበኣር፡ ኣብ ልዕሊ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ብዘይ ዝኾነ ዕንቅፋት፡ ጽዑቅ ናይ ላቦራቶሪ ፈተነታት ንምክያድ፡ ገድላዊ ሃዋሁ ንኻልኣይ ግዜ ናይ ምፍጣር ቆለ ነቲ ናይ ኢሳይያስ/ይከኣሎ ወለዶ ዓትዒቱ ሒዝዎ ንረኽቦ። መበገሲ ናይዚ እኳይ ዕማም፡ ሳዋ እያ ኔራ። ሳዋ ድማ ኣብ መወዳእትኡ፡ ኲናት ምስ ኢትዮጵያ ወሊዳ። እዚ ኲናት ግን፡ ድልየት ኢሳይያስ ጥራይ ዘማልአ ኣይነበረን። ነቲ ብይከኣሎ ዝፍለጥ ወለዶ 'ውን፡ እቲ ዅናት፡ ነቲ ንነዊሕ እዋን ሃቀው ክብሎ ዝጸንሐ ድልየቱ ዘርዊ 'ዩ ኔሩ። ድሌት ወለዶ ይከኣሎ፡ ኣብ ውሽጡ ሓደ ርእሱ ዝኽኣለ ሓድሽ ወለዶ ክስረሓሉን ክጽረበሉን ዝኽእል፡ ንተመክሮ ሜዳ ዝመሳሰል ሃዋሁ ካልኣይ ግዜ ንኽፍጠር እዩ። ዅናት ኢትዮጵያ ድማ፡ ንሜዳ ዝመሳሰል ሃዋሁ ካልኣይ ግዜ ንኽፍጠር ምቹእ ባይታ ስለዘንጸፈ፡ ወለዶ ይከኣሎ ሓንጎፋይ ኢሉ 'ዩ ተቀቢልዎ። ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት፡ ዋርሳይ ዝተቓልየ ዝተናውሐ ወትሃደራዊ ኣገልግሎት እምበኣር፡ ኣድላይነት ሃገራዊ ወተሃደራዊ ሓይሊ ዝለዓለ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለዝተረኽበ ዘይኮነስ፡ እንታይ ድኣ፡ ነቲ ሻዕብያ ዝተለመዶ እኩይ ፍሕሶ፡ ኣብ ግብሪ ንኽውዕል ምቹእ ሃዋሁው ሰለዝፈጥር እዩ..."*

ወላ'ኳ ኲናት ምስ ኢትዮጵያ፡ ልኡላውነት ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ንኽወድቕ ናብ ዘኽእል ኣሻቃሊ ኩነታት እንተማዕበለ፡ እዚ ሃዋሁ 'ዚ ጥራይ እዩ ግን፡ ሻዕብያ ካልኣይ ግዜ ንኽትውለድ ዘድልያ ዝነበረ ኣገዳሲ ድሕረ ባይታ። ዶባዊ ኲናት ካብ ዝባራዕ ኣትሒዙ እምበኣር፡ ወያነ እቲ ናይ ጸላኢ ተራ ብግቡእ ክጻወት ዝኽእል ኣካል ኮነ። ንምዕቃብ "ልኡላውነት ኤርትራ" ድማ፡ ህላወ ሻዕብያ ግድነታዊ ኮይኑ ንኽውሰድ፡ ህላወ ወያኔ ኣገዳሲ ሮቛሒ ኮይኑ ተረኽበ። እዚ ውግእ እዚ እዩ እምበኣር፡ እቲ ሻዕብያ ንመላእ ኤርትራ ናብ ሳሕል ወይ ናብ ሻዕብያ ንኽትልውጦ ዘድልያ ዝነበረ ድሕረ ባይታ ንኽንጸፍ፡ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ዝፈጠረ።

እስከ ነቶም ክልተ ስጊንጢራዊያን፡ ግን ከኣ ኣገደስቲ ፍጻሜታት ናይ ቀረባ ታሪኽና ነስተውዕለሎም። ምውላድ ልኡላዊት ኤርትራ ማለት፡ ህላወ ሻዕብያ ዘኽትመሉ እዩ። ስግኣት ኣብ ልዕሊ ልኡላውነት ኤርትራ ማለት ድማ፡ ዳግማይ ምውላድ ሻዕብያ ዘረጋግጽ ምኽኒት እዩ። እቲ ዘገርም ግን፡ ሻዕብያ ገዛእ ርእሳ ንምዕቃብ ኢላ እተካይዶ ዘላ ጻዕሪ ትተዓወተሉ ኣይትተዓወተሉ

ብዘየገድስ፡ መወዳእትኡ ነፍሰ ቅትለት ናብ ምፍጻም ዘምርሕ ምኽኑ እዩ። እንተ ተሳዒራ፡ እታ ሃገር ክትድሕን እያ። እንተ ተዓዊታ ግን፡ ምስ ምልእቲ ሃገር ተተሓሒዝካ ነፍሰ ቅትለት ምፍጻም እዩ።

## ባዕዳዊ ባህሊ

ንናይ ሜዳ ወይ ገድላዊ ተሞኩሮ ኣጸጋሚ ዝገብሮ፡ እቶም ኩሎም ብኡ ዝሓለፉ ሰባት፡ እቲ ንኤርትራ ንምምሕዳር ዘድሊ ነገር፡ እቲ ኣብ ሜዳ ዝተጠርየ ተሞኩሮ ጥራይ'ዩ ኢሎም ዝኣምኑ ምኻኖም እዩ። ካብ ናይ ካልኦት ህዝብታት ተሞኩሮ ክመሃሩዎ ዝኽእሉ ዘሎ ኾይኑ ኣይመስሞየምን ኢዩ። እዚ ማለት፡ እንኮላይ ካብቲ ንዘበናት ዝጸንሐ ባህሊ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ። ድሕሪ ምሕራር ሃገር ዝተኸስተ ብልሹው ምምሕዳር ሻዕብያ እምበኣር፡ ካብዚ ነጥቢ'ዚ ዝነቅለ ኢዩ። እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ግን፡ ስኽ ኢልካ ብሸለልትነት ዝሕለፍ ናይ ሓጠው ቀጠው ዘረባ ኣይኮነን። እቲ ሓደ ኣካል፡ ማለት እቲ ካብ ሻዕብያ ወጻኢ ዝኾነ፡ እንኮላይ ሕዝቢ ኤርትራ፡ ወላ ሓንቲ ኣበርክቶ ዘይብሉ፡ ዘየድሊ ነገር ኣምሲልካ ዘቕርብ እዩ። እዚ ኸኣ፡ ቀደም ቅድሚ ሻዕብያ ኣስመራ ምእታዋ ኣብ ሜዳ ዝማዕበለን፡ ሽዑ'ውን እቲ ዓብላሊ ደረጅኡ ዘጽነዓ ገለልታዊ ኣተሓሳስባ እዩ።

> *ይዝከረኒ ሓደ እዋን፡ ሓደ ናይ ጀብሃ ካድር ኣዩ። ንሱ ኣብ ቅድሚ ኣማኢት ሓረስቶት ዝተረኽብዎ ባይቶ ዓዲ መደረ የስምዕ ኔሩ። እቲ ንሱ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ቛንቛ፡ ነቲ ህዝቢ ጓና ሓሳባት ዘቕርብ ባዕዳዊ እዩ ኔሩ። እዚ ግን፡ ናይ ፈለማ ዘይኮነስ፡ ኣብ ኩሉ ቦታን ግዜን ዝፍጸም ልሙዳ ኣሰራርሓ ገድሊ ምንባሩ ክዝከር ይግባእ። እቲ ካድር ነቲ ባይቶ ዓዲ ዘቕረቦም ሓሳባት፡ እቶም ሓረስቶት መእሰሪ ክገብርሎም ዘይክእሉ ታሪኻዊ ኢጋጣምታት፣ ነቶም ሓረስቶትት ጓኖት ዝኾኑ ናይ ወጻኢ ሓርነታዊ ያን ምንቅስቃሳትን ጀጋኑኦምን (ንኣብነት፡ ናይ ኣልጀሪያ ተሞኩሮ ንሓደ መሃይምነት ዘየጥፍአ ሓረስታይ እንታይ ትርጉም ክምዝህቦ እሞ ሕሰቡዎ)፣ ንባዕሉ እቲ ካድረ 'ውን ንኽርድኦ ዘጸግሞ ዝተጋነነ ማርክሳዊ ስነሓሳብ፣ ከምኡ 'ውን እቶም መሃይምነት ዘየጥፍኡ ሓረስቶት ካብ ግረኽ ክፈልይዎም ዘይክእሉ፡ ምስ ናይ ኣዝማሪኖ ናይ ጽርግያ ቃላት ዝተሓዋወሱ ሓደሽቲ ዝተማህዙ ቃላት ዘጠቓለል እዩ ኔሩ። ብርግጽ፡ ኣብ መወዳእታኡ ካብቶም ሓረስቶት ሓደ'ኳ ዝተረድኦ ኣይነበረን። ናይ ምንባር ብልሓት ዘጥረዩ ሓረስቶት ግን፡ ርእሶም ካብ ምንቕናቕን፡ ነቲ ካድር ካብ ምንኣድን ዓዲ ኣይወዓሉን። ንሀጹጽ ጊዜ ሓደጋ ኸኣ፡ ድሉዋት ሙኻኖም ነቲ ካድር ኣረጋጊጸምሉ። ካብቲ ቦታ ቅሩብ ርሒቕ ምስበሉ ግን፡ እቲ ናይ ብሓቂ ዝተሰምዖም ርእይቶ ኢዮም ሂቦም። ንሶም ኢሎም … "ወይ ሃለውለው!"። ወጽኢት ናይዚ ኸ እንታይ እዩ ኾይኑ፤ ኣብ መንን'ቶም ክልተ ባህልታት፡ ማለት ኣብ መንን ባህሊ ገድልን ባህሊ ሓፋሽን፡ ምሒር ዘይምርድዳእ ኣስዒቡስ፡ እቲ ናይ መወዳእታ ሓደገኛ ውጺኢቱ ድማ፡ እዚ ሎሚ ብዓይንና ንምስክሮ ዘለና ሓቂ እዩ።*

ካብዚ ክንግንዘቦ ንኽእል ሓደ መሰረታዊ ነጥቢ ኣሎ። ሓደ ነቶም ሓረስቶት ክፈልጦም ዘይከኣለ ሰብ፡ ወይ ከኣ በቲ ዝኸፍኤ መልክዑ፡ 'ንዕኦም ብምፍላጠይ ዝኸስቦ ነገር የብለይን' ኢሉ ዝኣምን ሰብ ጥራይ እዩ፡ ዓመት መጸት ዓመት ከደት፡ ሚዛን ርዝነቱ ከየጻረየ ከምዚ ዓይነት መደረ ብቀጻሊ ከቕርብ ዝኽእል። ሓንሳብ ብሓደ ሰብ ዝወሃብ መደረ ከም ልዝብ ክውሰድ ምስ ጀመረ፡ ርክባት

ሓደ-ጎድናዊ መኣዝን ጥራይ ምስሓዙ፡ እቲ ቓንቛ ከመይ ኢሉ ናብ ስድነትን ንዕቀትን ከም ዝማዕበለ ንኸትርድኦ ዘጸግም ኣይኮነን። ንዕቀት ኣብ ልዕሊ "ገባር" እምበኣር፡ ነቲ እንታይነቱ ዝገልጽ ናይ ልዝብ ቋንቋኡ ብምኽላእ'ዩ ጀሚሩ። ቋንቋኡ ተወሲዱዎ ማለት ከኣ፡ ሰብኣውነቱ ተወሲዱዎ ማለት ኢዩ። ሓንሳብ ሰብኣውነቱ ምስ ተገፈፈ ድማ፡ ኩሉ ዓይነት ንዕቀት ኣብ ልዕሊኡ ክዘንብ ናይ ግድን ይኸውን። (ኣብዚ ሕጂ እዋን "ገባር" ዝብል ስያሜ ንኹሉ ሲቪል ዘጠቓልል እዩ)

እዚ ዝዓይነቱ ኣብ ልዕሊ "ገባር" ዝቀንዓ ንዕቀት እዩ ኸኣ፡ ሎሚ በቲ ዝኸፍአ መልክዑ ብመገዲ ኢሳይያስ ክንጸባረቕ ንዕዘቦ ዘሎና። እወ...በቲ ንባህሊ ድርቅና፣ ሕስረትን ዘይምክብባርን ስጋ ዘልብስ ኢሰያስ ክንጸባረቕ ንዕዘብ። እስከ ንሓንቲ ካልኢት ብዛዕባ እቶም ንኢሰያስ ምስቶም ናይ ቀደም ብጾቱ ክዓርቅዎ ጥራይ ስለዝፈተኑ፡ ንዓመታት ተኣሲሮም ዝርከቡ፡ ኣብ ሰብዓታትን ሰማንያታትን ዝዕድሚኦም ዓበይቲ ዓዲ እሞ ንሕሰብ። እወ...ምስኦም ከይትሰማማዕ ትኽእል ኢኻ። ተልእኾኦም'ውን ብዓይኒ ጥርጣረ ክትርእዮ ትግደድ ትኸውን። ከምዚ ዓይነት ናይ ምእሳር ስጉምቲ ኣብ ልዕሊኦም ምውሳድ ግን፡ ሓደ ጥዑይ ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ፡ ኣይኮነን ዶ ክፍጽሞስ፡ ክሓስቦ ከማን ንጋዶ ኢዩ። ሓንሳብ እዚ ጸይቀ ግኑን 'ዚ ውጽኢት ናይ ሓደ ኣብ ልዕሊ ወግዕታት ሕብረተሰቡ ክብረት ዘይብሉ ባዶሽ ዝኾነ ባህሊ ምዃኑ ምስ ንርዳእ ግን፡ ካብ ባህልና ወጻኢ ንዕቀት ኣብ ልዕሊ ዓበይቲ ዓዲ ምፍጻም ንዕኡ ማዕረ ክንደይ ቀሊል ምዃኑ ንክንርድኦ ዘጸግም ኣይኮነን። እዚ ብዕልግና'ዚ ግን፡ ኣብ ሓደ ሰብ ጥራይ ዝሕጸር ኣይኮነን። ኣብ ልዕሊ እዞም ዝተጠቕሱ ዓበይቲ ዓዲ ጥራይ ዝተፈጸመ 'ውን ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ኣዝዩ ዘስፋሕፈሐ ሱር ዝሰደደ "ባህላዊ" ተርእዮ ኢዩ።

ሻዕብያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸሞቶ ብዕልግናን ንዕቀትን ኣብ ታሪኽ መዳርግቲ ዘለዎ ኣይኮነን። ኣይፈላልን እዩ። ደረት ዘለዎ'ውን ኣይኮነን። ሓደ'ኳ ካብ ናይ ሻዕብያ ንዕቀት ዝደሓነ ሰብ የለን። ሻዕብያ ባዕዳዊ ፍጥረት ምዃኑ ከረጋግጽ ዝደሊ ሰብ እንተኣሎ፡ ተግባራት ሻዕብያ ምስ ናይቶም ዝሓለፉ ክልተ መንግስታት ከወዳድር ጥራይ ኢዩ ዘለዎ። ነዚ ብዝምልከት ክልተ ኣብነታት ክህብ እየ፦

1. ሻዕብያ ንኹሎም ኣብ ኤርትራ ዘለው ሃይማኖታት ብፍጹም ንዕቀት ኢያ ትሕዞም። ነተን ዝበዝሓ ተኸተልቲ ዘለወን ሃይማኖታት፡ ኣብ ትሕቲ ፍጹም ምቁጽጻራ ክሳብ ተእትወን ትዓርፍ ኣይኮነትን። ነተን ዝወሓደ ኣባላት ዘለወን ሃይማኖታት ድማ ከም ዝዕጸዋ ትገብር፡ ንኣባላተን ከኣ ብኣማኢት ኣሽሓት ትኣስር። ንናይ ኦርቶዶክስ ፓትርያርክ ካብ ስልጣን ተውርዶምን ትኣስሮምን። ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ንኣብ ገዳማት ዝነብሩ ኣቕሽሽትን ዲያቆናትን ትገፍፍ። ሻዕብያ ኣብ ልዕሊ ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስቲያን ዘለዋ ደረጃ ንዕቀት ንምርኣይ፡ ኣበየናይ እዋን እዩ መንበረ ፓትርያርክ ካብ ስልጣን ዝወረደን ዝተኣስረን ኢልካ ምሕታት ጥራይ እዩ ዘድሊ። ኣበየናይ እዋን እዩ'ኸ ኣቕሽሽትን ዲያቆናትን ንዕስክርና ክግፈፉ ዝሰማዕና፣ ሃይለስላሰን መንግስቱን ከማን ኣይሓሰብዎን። ምዕስካር ኣቕሽሽቲ፡ ኣብ 1700 ዓመት ታሪኽ ናይ ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስቲያን ተራእዩ ኣይፈልጥን። ጣልያን 'ውን ንገዳማት ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ኣይደፈሮን። ኣብ ኣእምሮኡ ንቅኑዕን ጌጋን መፍለዩ ኣገባብ ዘይብሉ፡ ከም ሻዕብያ ባዕዳዊ ዝኾነ ኣካል ጥራይ ኢዩ ክፍትኖ ዝኽእል።

2. እስከ ብዛዕባ እቲ ወለዶ ዋርሳይ ዝተቓልዖ ሽግራት ንሕሰብ፦ ብፍላጥ ዝዓነወ ስርዓተ-ትምህርቲ፣ ባርነት ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት፣ ግብረ-ስጋዊ ባርነት ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ፣

> ዓሰርተታት ኣሽሓት ዘህለዋን ዘሰንከለን ትርጉም-ኣልቦ ውግኣት፣ ነታ ቅድስቲ መሬት መንእሰያታ ዘባደም፣ ወዘተ ወዘተ…ኣብ ርእሲ ዘለታ ተወሰኽታ ኾይኑ ነገሩ ኸኣ፡ ብሰንኪ እቶም ዓቕሚ ኣዳም ዝኣኸሉ ደቆም ዝወሰድዎ ስጊምቲ፡ ወለዲ ንተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ ጭካነ ተቓሊያም ይርከቡ። ሻዕብያ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ዘለዎ ንዕቀት ምእንቲ ክንርኢ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ምሕታት ጥራይ እዩ ዘድሊ፦ ኣበይየና እዋን እዩ ሓንቲ ሃገር ንመንእሰያት ምእንቲ ክትቆጻጸር ነታ እንኮ ዩኒቨርሲቲ ዝዓጸወት፤ ኣበየናይ እዋን እዩ ወለዲ ንኽምዚ ዓይነት ጭካነን ግፍዕን ዝተቓለዑ፤ መንእሰያት ብዓሰርተታት ኣሽሓት ናብ ሜዳ ክውሕዙ እንከለዉ፡ ስርዓት ሃይለስላሴ ይኹን ደርግ ንወለዲ ኣሲሮም ወይ ቀጺዖም ድዮም፤ ሓደ ወግዕን ባህልን ዘይብሉ ከም ሻዕብያ ባዕዳዊ ዝኾነ ኣካል ጥራይ እዩ ከምዚ ዓይነት ስጉምቲ ክወስድ ዝኽእል።

ሻዕብያ ኣብ ሞንጎ ቅኑዕን ጌጋን፣ ጽቡቕን ሕማቕን፣ ጥዑይን ዘይጥዑይን፣ ከምኡ’ውን ኣብ መንጎ ዝንዳእን ዘይንዳእን ክፈሊ ዝኽእል ኣገባብ ስለዘይብላ፡ ንኹሉ፡ ማለት ንድኹምን ንሓያልን ብሓደ ዓይነት መለክዒ ኢያ ትሕዞም። እዚ ኸኣ እቲ ቀንዲ መለለዩ ወይ ሕላገት ናይ ሻዕብያ እዩ። ንዓበይቲ ዓዲ “እታ ሰብኣይ” እንዳበልካ ምዝንጣል፣ ንዋርሳይን ወለዶምን፣ ንሽቃጦ፣ ንኣቕሽቲ፣ ንፓትሪያርክ፣ ኣምባሳደራት፣ ዲፕሎማሰኛታት፣ ናይ ወጻኢ ጋዜጠኛታት፣ ንዘይመንግስታውያን ትካላት፣ ንውድብ ሕቡራት ሃገራት፣ ንኣንሚ፣ ከምኡ’ውን ንጎረባብቲ ሃገራትን ካልኦት ወገናትን ትካላትን ብተመሳሳሊ ንዕቀትን ብዕሉግ ኣገባብን እያ ትቀርቦም። እዚ ግን ከመቲ ብዙሓት ከእምኑና ዝህቅኑ ናይ ሓደ ሰብ ጸገም ጥራይ ኣይኮነን። ከምቲ ኣቀዲመ ዝጠቀስክዎ፡ ንቅኑዕን ጌጋን ፈሊኻ ክትርኢ ናይ ዘይምኽኣል ባህሪ፡ ንሻዕብያ ናይ ሎሚ መለለይኣ ኣይኮነን። ቀደም ቅድሚ ኣስመራ ምእታዋ ዝማዕበለ፡ ብሰፊሑ ትሰርሓሉ ዝነበረት ኣገባብ እዩ።

## ኣብ ናይ ሞት ዓራት ዝካየድ ቃልሲ

እቲ ዘደንጽዑ፡ መስርሕ ነፍሰ-ቅትለት ሻዕብያ፡ በቲ መንነት ናይ ገዛእ-ርእሳ ንምዕቃብ ኢላ እተካይዶ ዘላ መስርሕ ይፍጸም ምህላው እዩ። እዚ ኩሉ ስርዓት-ኩነት ሃገርና ኸኣ፡ ኣብዚ ሓቂ’ዚ ምርኩስ ዝገብር እዩ። ብመንጽር እዚ መስርሕ’ዚ፡ መስርሕ ሜታቦልነት፡ ማለት ህይወት ዘለዎ ነገር ናብ ዝደቀቁ ትሕዝቶ ዘለዎም ነገራት ዝቕየሩሉ ወይ ዝሓቐሉ ባህርያዊ መስርሕ ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል። ሓደ ግድነታዊ ክፋል ናይዚ መስርሕ’ዚ፡ ምጽራግ “መርዛም ጎሓፍ” (“toxic waste”) እዩ። ኣብዚ ጸቂጠ ድማ፡ ኣብነት ከቕርብ ክፍትን እየ።

ልክዕ ከም ሓደ ርእሱ ዝኽኣለ “ኦርጋኒክ” ወይ ህይወት ዘለዎ ኣካል ቀስ ብቀስ ናይ ገዛእ ርእሱ ባህርያዊ ህላዌ ዘረጋግጽ፡ ሻዕብያ’ውን መንነታ ንቕትዕቅብን፡ ህላውነታ ኸኣ ንኽተረጋግጽ፡ ነቲ በብግዜኡ ኣብ ውሽጣ ዝኹመር “መርዛም ጎሓፍ” ክትጸርገሉ ዘኽእላ መገዲ ከተናዲ ኣለዋ። ሓደ ካብቶም ንህላውነታ ዝፈታተኑ፡ እሞ ኸኣ ኣዝዩ ዘርዕዳ ነገር፡ ሕርቃንን ብስጭትን ናይቶም ብስም “ኣገልግሎት” ዝብል መደናገሪ ሓረግ፡ ንዓሰርተታት ዓመታት ጅሆ ዝተታሕዙ መንእሰያት እዩ።

ወላ’ኳ እዞም መንእሰያት ንሻዕብያ ካብ ወያኔ ንኽከላኸሉላ ዘድልይዋ ምኹኖም ኣጸቢቓ ትፈልጥ እንተኾነት፡ እቶም ቀንዲ ናይ ውሽጢ ጸላእታ ጌራ ከም ትርእዮም ግን ዝከሓድ ኣይኮነን። እዚ ስለ ዝኾነ እዩ እምበኣር፡ ኮነ ኢላ ካብ ከተማታት ኣርሒቓ፡ ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ወተሃደራዊ ሓለዋ

ክትሕዞም ዝመረጸት። እዚ ንገዛእ ርእሱ ግን፡ እኹል ከምዘይኮነ ባዕላ ሻዕብያ ዝተማህረትሉን ኣዳዕዲዓ ትፈልጦን ጉዳይ እዩ።

እቲ ኣብ ኣካላታ ካብ ዓቀን ንላዕሊ ዝተኾመረ “መርዛም ጎሓፉ”፡ ማለት እቶም ብብስጭትን ጭንቀትን ዝተዋሕጡ ዋርሳይ ካብቲ ስርዓት ክጽረግሉ ዘኽእል መገዲ እንተ ዘይተፈጢሩ፡ እቲ “ኣገልግሎት” ንባዕሉ ንውሽጢ ገጹ ክነቱግ ምዃኑ ሻዕብያ ኣነጺራ ትፈልጥ እያ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት እዩ እምበኣር፡ ዋሕዚ መንእሰያት ንስደት ናይ ግድን ዝኸውን። እዚ ተርእዩ’ዚ ኸኣ፡ ንሻዕብያ ኣዝዩ ተደላይን ዕዙዝን እዩ። እምበር፡ እቶም በብግዜኡ ዝጭነቑን ዝጉህዩን መንእሰያት ንስደት እንተ ዘይውሕዙስ፡ እቲ ኩነታት ድሮ ንውሽጢ ገጹ ምተተኾሰ ኔሩ።

እዚ ዝቕጽል ዘሎ ሓደገኛ ውሽጣዊ መድመይቲ ኣብ መወዳእታኡ ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ከዕንዎ ምዃኑ’ኳ ርዱእ እንተኾነ፡ ንግዚኡ ግን ንሻዕብያ ሰለይ ንኸብላ ኣዝዩ ኣገዳስን፡ እፎይታ ኸኣ ዝፈጥረላ ጉዳይ’ዩ ኾይኑ ዘሎ። ከመይ፡ ዋሕዚ መንእሰያት ንስደት፡ ነቲ ኣብ ኣካላት ሻዕብያ በብግዜኡ ዝኹመር “መርዛም ጎሓፍ”፡ ማለት ንዋርሳይ ካብ ኣካላታ ብቀሊሉ ንኽጽረግ ዕድል ዝፈጥር ስለዝኾነ።

እምበኣርከስ፡ *ጃምላዊ ፍልሰት መንእሰያት ናብ ስደት፡ ንሻዕብያ ቀንዲ መቆጻጸሪ ናይ ህላውነታ እዩ ኾይኑ ዘሎ። ከመይ፡ እቲ ውሽጣዊ ጸቕጢ ቅድሚ ምንቷጉ፡ ከም መተንፈሲ ትጥቀመሉ ስለዘላ።* እዚ ባህርያዊ መስርሕ ሜታቦልነት ግን፡ ልክዕ ከም ኣብ ካልኦት ህይወት ዘለዎም ኣካላት፡ ብዘይፍላጥ ጥራይ ክፍጸም ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ፡ መስርሕ ምጽራግ ዝተኾመረ “መርዛም ጎሓፍ” ክፍጸም ናይ ግድን እዩ። እንተዘይኮይኑ፡ ሻዕብያ ብሰንኪ እቲ ካብ ዓቐን ንላዕሊ ኣብ ውሽጣ ዝተኾመረ “ጎሓፍ” ክትመውት ኢያ ማለት ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ እዚ መስርሕ’ዚ ንገዛእ ርእሱ ንሻዕብያ ዕድሜኣ ንቑሩብ እዋናት ጥራይ ዘናውሕ እምበር፡ መሰረታዊ መፍትሒ ረኺባትሉ ማለት ኣይኮነን።

እቲ ኣብዚ ክንጸር ዘለዎ፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ መስርሕ፡ ሻዕብያ ነዚ ሓድሽ ወለዶ ጥራይ ዘይኮነስ፡ እንኮላይ ንኹለንተናዊ ውሽጣዊ ትሕዝቶ ሃገርና እያ ብቀጻሊ ትጉሕዙሖ ዘላ። ከም ሓደ ሃርጋፍ ጽግዕተኛ (ወይ parasite)፡ ንመንእሰያታ፣ ኤኮኖምያዊ ትሕዝቶኣ፣ መጻኢ ውሕስነታ፣ ህዝባዊ ትካላታ፣ ሰብኣውነታ፣ ሃይማኖታ፣ ከምኡ‘ውን ንባህላን ካልእ ትሕዝቶኣን እያ ሻዕብያ ብቐጻሊ ተህልቕም ዘላ። ኮታ ብሓፈሽኡ ንእንታይነት ናይታ ሃገር እያ ተባድሞ ዘላ።

ንግዚኡ፡ ልክዕ ከምቲ ሓደ ጽግዕተኛ ብዋጋ ናይቲ ዘእንግዶ እንስሳ ዝነብር፡ ሻዕብያ ኸኣ ብዋጋ እታ ሃገር እያ ናይ ገዛእ ርእሳ መንነት ንኽትዕቅብ መሪጻ ዘላ። እቲ ንሻዕብያ ዝርድኣ ነገር፡ ሃርገፍገፍ ኢላ ንኤርትራ ብውሽጢ ውሽጢ ክትበልዓ ከምዘለዋ ጥራይ እዩ። ነቲ ከም ጽግዕተኛ ተጎዝጉዛ ትበልዖ ዘላ ኣካል ግን፡ ብሰንኪ ውሽጣዊ ዘጋጥሞ ጉሕጓሐን ምብዳምን፡ ኣብ መወዳእታኡ ክመውት ይኽእል እዩ ዝብል ሓሳብ፡ ኣብ ኣእምሮ ሻዕብያ ክቕልቀል ኣይክእልን እዩ። እቲ ምንታይ’ሲ፡ ህላውነታ ንኸተራጋግጽ ካልእ ኣማራጺ ስለ ዘይብላ። ስለዚ ሻዕብያ ነዚ ኹሉ ትፍጽሞ ዘላ ተግባራት ካብ ምቕጻል ድሕር ኣይክትብልን እያ፡ ዋላ’ኳ ኣብ መወዳእታኡ ናብ ነፍሰ-ቅትለት ዘምርሕ ምዃኑ ኣዳዕዲዓ ትፈልጥ እንተኾነት። እዚ ኮይኑ ግን እቲ መሰረታዊ ሓቂ፡ እቲ ኣብ ቅድሚ ነፍሰ-ወከፍና ተገቲሩ ዘማዕድወና ዘሎ ሓቶ እምበኣር፡ *ቅድሚ ንሃገርና ምቕታላ፡ ነዛ ጽግዕተኛ’ዚኣ እንታይ ንግበራ፧* ዝብል እዩ።